ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
ሰውራዊ ባይቶ

جبهة التحرير الإرترية
المجلس الشوري

ERITREAN LIBERATION FRONT (ELF-RC)

# ጸብጻብ በዓል ነጻነት ኤርትራ
## ኣብ ከተማ ቱቢንገን / ጀርመን / 28.05.2005

ብጨንፈር ቁ.1 ዞባ ጀርመን ተ.ሓ.ኤ. ሰ-ባይቶ ዝተዳለወ መበል 14 በዓል ነጻነት ኤርትራ ድሕሪ ምቛም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንመጀመርያ ግዜ ዝግበር ዘሎ በዓል ኮይኑ ትማሊ ቀዳም ዕለት 28 ግንቦት 2005 ዓ.ም. ካብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ጀርመን ዝመጹ ዝተሳተፍዎ ሰፊሕ በዓል ተኻይዱ።

ድሕሪ ናይ መኽፈቲ ቃል ብኣ.መ. ጨንፈርን ንዝኽሪ ኣባል ጨንፈር ኰይኑ ንነዊሕ ግዜ ክቃለስ ዝጸንሐን ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ብሞት ዝተፈልየ ተቓላሳይ መሓሪ መስመር ናይ ሕልና ዝኽሪ ተኻይዱ።

ቀጺሉ ኣቦ መንበር ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ሰ-ባይቶ ተጋዳላይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ንተሳተፍቲ በዓል ካብ ዝሃቦ መግለጺ፥

- ብጉዳይ ህልዊ ኩነታት ሃገርና ምስ በዓል ነጻነት ብምትሕሓዝ ክገልጽ ከሎ፡ መላኺ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘካይዶ ዘሎ ናይ ጭቆናን ምዝመዛን መስርሕ ብዝለዓለ ክብደት ይቕጽሎ ምህላዉን ኣፍራዪ ዓቕሚ ሃገር ዝኾነ መንእሰይ ዘጓንፎ ከይፈለጠ ብብዝሒ ንስደት ይውሕዝ ምህላዉን ሓቢሩ።

- ብጉዳይ ምቛም ኤ.ዲ.ኪ. ክገልጽ ከሎ ድማ ኤርትራዊ ተቓዋሚ ካብቲ ዝነበሮ ክውንነት ወጺኡ ዝተሓተ ነጥበ-ስምምዓት ብምዕቋብ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ምጥርናፍ ኣወንታዊ ጉዳይ ምዃኑን፥ ኣብ ምውዳቕ መላኺ ስርዓትን ኣብ ቦትኡ ድማ ብድልየትን ንጥቕምን ህዝቢ ዝትከል ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምቅልጣፍ ቃልሱ ከሕንንን ከስምርን ከምዘለዎ ድሕሪ ምሕባር፥ ህዝቢ ክህልዎ ዝኽእል ትዕዝብትን ስክፍታንውን እንተሃልይዎ ንኤ.ዲ.ኪ. ነቐፌታዊ ደገፉ ብምሃብ ኣብ ጎኑ ጠጠው ክብል ጸዊዑን ተማሕጺኑን። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ህዝብን ብሓባር እንተዘይሰሪሑን ተጓዒዙን ግን ንስደት ዝውሕዝ ዘሎ ብዝሒ መንእሰይ ብግዜ ክትመን እንተኾይኑ ድሕሪ ነዊሕ ዘይኮነ ግዜ ሃገር ባዶ ከይትተርፍውን ዘስግእ ምዃኑ ገምጊሙን ኣጠንቂቑን።

- ጉዳይ ዞናና ብምልዓል ድማ፥ ኤርትራዊ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ብሰላም ኣብ ምንባር ተጠቃምን ረብሓ ዘለዎን ስለዝኾነ፡ ኣብቲ ዞና ሰላም ኣብ ምምጻእን ምርግጋጽን፥ ናይቲ ዞና ኣህዛብ ምሕዝነት ክድልድልን፥ ኣብ ናይ ሕድሕድ ሃገራዊ ነጻ ውሳኔ ምኽባርን ዝተሰረተ ናይ ሓባር ስራሓት ክገብር ከምዝጥለብን ብምእማት ኤርትራዊ ውሳኔታት ብነጻ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ከምዝውሰንን እዚውን ብዘይጥርጥር ዝስርሓሉ ዘሎ ጉዳይ ምዃኑን ንኣኼበኛ ኣተኣማሚኑ።

ተጋዳላይ ስዩም ዝተፈላለየ ኣርእስታት ኣልዒሉ ነቲ ብህድኣትን ተገዳስነትን ዝከታተሎ ዝነበረ ተሳታፊ በዓል ድሕሪ ምግላጽ ናይ ሕቶን መልስን ምይይጥን መድረኽ ተኸፊቱ ገለገለ ንዝያዳ መብርሂ ዝቐረቡ ሕቶታት ድሕሪ ምምላስ፥ ርእይቶታትን ለበዋታትን ድሕሪ ምቕባል እቲ ነዚ ክፋልዚ ዝረኣየ መደብ ተደምዲሙ።

ካብቲ ዝቐረበ ሕቶታት ገለ ንምጥቃስ፡

- ዓንቀጻት 3 ን 4ን ኣብ ቻርተር ኤ.ዲ.ኪ. ከምጽኦ ዝኽእል ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህሉ ስለዝኽእልን ንምንታይ ክጸድቕ ከምዝኸኣለን ከምዘድለየን፥ ድሮውን ኢሳያስ ክምዝምዞ ጀሚሩ ከምዘሎን ብምጥቃስ ኣረኣእያ ተ.ሓ.ኤ. ሰ-ባይቶ ኣብዚ ጉዳይዚ ዝብል፡

- ካብ ስርዓት ኢሳያስ ኣምሊጦም ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝኣትዉ መንእሰያት ተግባርን ምረትን ሰርዓት ህግዲፍ ዝፈልጡ ክነሶም ኣብ ናይ ተቓውሞ ደምበ ዘሎ ተሳትፎኦም ግን ድሩትዩ ስለምንታይ ይመስለካ? ዝብሉ ኽኾኑ ከለዎ።

ኣቦ-መንበር ተ.ሓ.ኤ. ሰ-ባይቶ ክምልስ ከሎ፡

በረኣእያ ተ.ሓ.ኤ. ሰ-ባይቶ ሕቶ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ይኹን ብሄራት መጀመርያ ኣብ ህዝብናን ምህላዉን ከመይነቱን ሰፊሕ መጽናዕቲ ዝሓትት ጉዳይ እዩ። ደሓር ከኣ ውጽኢቱ ንሃገር ሓደገኛ ክኸውንውን ከምዝኽእል ስለዝርኢ ተቓውሞኡ ማለት ዕቃቤኡ ዘመዝገበሉን ኣብ ጉዕዞ ንኽእለውን ዝቃለሰሉ ምኽኑን ብብሩህ ዝገለጾን እዩ። ኣብ ልዕሊኡውን መታን እዚ ተኽእሎዚ ክዓዝዝውን እዩ ውድብና፡ ህዝቢ ጉዳዩ ስለዝኾነ፥ ንጉዕዞ ኤ.ዲ.ኪ. ብነቐፌታዊ ደገፌት ክስዕቦን ከሰንዮን ኣለዎ ኢሉ ዝጠልብን ዝጽውዕን ክብል መሊሱ።

ኣብ ጉዳይ መንእሰያት ዘተኮረ ሕቶ ክምልስ ከሎ ድማ፡

ብመጀመርያ እቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዘውርዶ ስቅያት ስነ-ኣእምራዊ ጸገማት ፈጢሩ ተስፋ-ቁርጸትን ዘኸትልዩ። ኣብ ልዕሊዚ ስርዓት ህግዲፍ ንተቓወምቱ ምስቲ ህዝቢ ብጸለመን ኣሉታዊ ስእልን ምልላዩን ዘሕድሮ ጠርጥራታትውን ይፈጥርዩ። ብኣንጻሩ ድማ ተቓወምቲ ንሓልፎ ዝጸናሕና ክውንነት ዘየተባብዕ ኰይኑዩ ጸኒሑ ስለዚ ኣብ ምጥርናፍ ህዝቢ ድኽመት ከምዝጸንሐ ዘይከሓድ እዩ። ካብዚ ንምውጻእ ድማዩ ኣድላይነት ምቛም ሓባራዊ ጽላል ዝተራእየን ዝቖመን። ስለዚ ብሸነኽ ተቓወምቲ ተበጺሑ ዘሎ ክዕወትን ሸቱኡ ክወቅዕን ህዝቢ ኣብ ጎኒ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክስለፍን ደገፉ ክህብን ኣለዎ፡ ብማለት ኣስፊሑ ገሊጹ።

ብድሕሪኡ ካብ ተሳተፍቲ በዓል፡ ብተደጋጋሚ፡ ግሉጽነት ኣብ ኩሉ መዳያት ዝጠልብ ለበዋታት ድሕሪ ምቕራቡ፡ መደብ ብዝተፈላለዩ ስነጽሑፋዊ ውድድር፥ ሓጸርቲ ናይ ሓፈሻዊ ኣፍልጦ ሕቶታት ናይ ምምላስ ውድድርን ንኽውንንነት ሃገርናን ነቲ በዓልን ዘንጸባርቑ ሓያለይ ግጥምታትን፡ ከምኡውን ብወናማት ሃገራውያን ሙዚቀኛታት ዝተሰነየ፡ ክሳብ ሰንበት ንግሆ ሰዓት ሸውዓተ ዝቐጸለ ባህላዊ መደብ ብምቕጻል ነቲ ብዙሕ ዝሸኘኻቱ መበል 14 በዓል ነጻነት ሃገርና ዘማዕረገ ተሳታፊ ዝተሓጎሰሉን ዝተረዳዳኣሉን መደብ እዩ ኔሩ።